ኤጀንሲ መዓድንን ኢነርጂን ክልል ትግራይ ኣገልግሎት ዝውዕሉ መለዋወጢ ኣቑሑት መኪና፣ መሳርሒ ሕትመት፣ ኣቑሑት መሳርሒ ህንፃ፣ ፅገና ኤሌክትሮኒክስ ፣ኣቑሑት መሳርሒ ፅሕፈት ፣ናይ መኪና ጎማን ባትርን፣ኣቅሑት ፅሬት፣ መጓዓዓዚ ደረቅ ፅዕነትን ብጨረታ ኣወዳዲሩ ኣገልግሎት ክረክብን ክዕድግን ስለዝደለየ በቲ ዘፈር ዝተዋፈርኩም ሕጋዊያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 16, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 30, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 30, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ፅገና ማሽነሪ/ ካልኦት ፅገና/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ መኪና ክራይ/ ትራንስፖርት ግልጋሎት/ ዕድጊት ኽቢደ መሺን/

ከማልእዎም ዝግብኦም ረቋሕታት

1 ናይ 2010ዓ/ም ፍቃድ ንግዲ መቅረባይነት ዘሐደስኩም

2 መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ (ቲን ናምበር) ዘለኩም

3 ናይ ኤሌክትሮኒክስ ፅገና ፣ደረቅ ፅዕነትን ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑን ዘይኾኑን ይኽእሉ

4 ካልኦት ዓይነታት ጨረታ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዝኾኑ ጥራሕ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡ ፣ወረቀት ምስክር ናይ ነሓሰ 2010ዓ/ም ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡሉ መረዳእታ ከቕርቡ ዝኽእሉ

5 ተጫረቲ ናይ መኽበሪ ጨረታ ንኣቁሑት መሳርሒ ፅሕፈት 3000.00 ቅርሺ፣ ንመጓዓዓዚ ደረቅ ፅዕነት 1000.00 ቅርሺ ፣ ንመሳርሒ ሕትመት 3000.00 ቅርሺ፣ ንኤሌክትሮኒክስ ፅገና 1000.00 ቅርሺ፣ ናይ መኪና ጎማን ባትርን 3000.00 ቅርሺ፣ ንኣቅሑት ፅሬት 1000.00 ቅርሺ፣ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ዝርዝር መመርሒን ጨረታን ንነብሲ ወከፍ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 20.00 ቅርሺ ብምኽፋል ካበ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ማልት) ኤጀንሲ መዓድንን ኢነርጂን ቢሮ ቁፅሪ 115 ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ከሳብ 30/02/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ምውሳድ ይከኣል።

6 ሰነድ ጨረታ ዝተዳለወሉ ዕለት 14/02/2011ዓ/ም ፣ ጨረታ ዝወፀሉ ዕለት 15/02/2011ዓ/ም ፣ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 30/02/2011 ዓ/ም 3:30፣ጨረታ ዝኽፈተሉ ዕለት 30/02/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ይኸውን።

7 ጨረታ ዝሰዓሩ መቅረበቲ ዝሰዓርዎ ንበረት ብናይ ባዕሎም ወፃኢ መጓዓዝያን መፅዓንን መራገፍን ሸፊኖም ናብ ቤት ዕዮና የቅርቡ።

8 ሲሚንቶ ምጉዕዓዝ ድማ ናብ ዝሰዓርሉ ወረዳ የብፅሑ።

9 እቲ ጨረታ ዝተስዓሩ መቅረብቲ ሰዓራይ ተፈሊጡ ውዕሊ ምሰተኣሰረ ዘትሐዝዎ ናይ ጨረታ መኽበሪ ይምለሰሎም።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10 ጨረታ ሰዓራይ መቅረቢ ንሕትመት 30 መዓልቲ ዝተረከብሉ ኩሉ ዓይነት ንብረት ካብ ዝኣሰርሉ ዕለት ጀሚሩ 15 መዓልቲ ኣታዊ ይገብር።

11 ተጫረቲ ዋጋ ዘቅርብሉ በቲ ዝወፀ ዝርዝር መረዳእታ መርኣያ መሰረት ፅሬቶም ዝሓለው ምዃኖም ኣረጋጊፁ ክመፅእ ይግባእ።

12 ካብቲ ዝተቀመጠ ረቋሒ ወፃኢ ካልእ ኣማራፂ ተባሂሉ ዋጋ ከቀምጥን ኣብቲ ዝርዝር መረዳእታ ዘይተነፀረ ንብረት ምቕማጥ ኣይፍቀድን።

13 እቲ ጨረታ 20% ናይ ምወሳኽን ምቅናስን መሰል ኣለዎ።

14 ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

15 ተጫረታይ ዘቅረቦ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሓዊሱ ወይ ዘይሓዊሰ ምዃኑ እንተመላኺቱ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰ ተገይሩ ይቁፀር።

16 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀነሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ 60 መዓልቲ ይኸውን።

17 ተጫረቲ ዝተዓሸገ ፖሰታ ዋናን ቅዳሕን ብዝብል ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም።

18 ናይ ተወሳኺ እሴት ታክስ 15% ካብ ቤት ፅሕፈትና ነትርፍ ምዃና ነፍልጥ።

19 ቅድሚያ ክፍሊት ምሃብ ኣይፍቀድን።

20 ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዝተረኸብሉ በቲ ዝተጠቀሰ ዕለትን ሰዓትን ይኽፈት። ኣብ ጨረታ ምኽፋት አዋን ተጫራታይ እንተዘይተረኺቡ ካብ ምኽፋት ዝእግድ ነገር የለን።

21 ጨረታ በዘይ ኣግባብ ከዛብዕ ዝፈተነ ኣብ ዝኾነ ጨረታ ከይሳተፉ ዘኽይድ ስጉምቲ ዘስዕብ ምዃኑ ክፈልጡ ይግበእ።

22 ካብ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ወይ ድማ ክእግድ ዝኽእል መ/ታዊ ኣካል ዝተኣገደ ናይ አገዳ እዋኑ ዘየኣኸለ ምውድዳር ኣይከኣልን ብሕጊ ውን የሕትት እዩ።

ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-401209 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle